# ድንቡልሽ ድንቡልሻ

*ዋላ ኣይርድኣን ዘሎ ናይ ተፈጥሮ ሕጽኖት*
*ዕድሚኣ ተገሪሱ ከሎ ብዘይ ጣቋ ብዘይ ንህዮት*
*ሓይላ ደንዲኑ ከሎ ሩባ ከይተሳገረት*
*ብርካ ሓንሒኑ ከሎ ኩጀት ከይደየበት*
*ዓጽማ ቆንቃኑ ከሎ ናብ ስራሕ ከይጎየየት*
*ኣነነታ ተሪፉ ከየማሓደረቶ ብሕድገት።*

*ድንቡልሽ ድንቡልሻ*
*ምቕቓው ዝኣበት እንብዛ ከርሻ*
*ምልቃምን ምጽሕታርን ንዳእቲ ኩልሳሳ*
*ንቂሚጦን ኩምርን ትብትን መሺሻ*
*ውሓጥዮ ተተባህለትስ ትጎስሞ መሊሻ።*

*ድንቡልሽ ድንቡልሻ*
*ኣይትሕቆፍ ኣይትሕዘል*
*ኣይትንደቕ ኣይትውሸል*
*ኣይትውንጨፍ ኣይትኽንበል*
*ኣየ እዚ ልምድኺ ኣየ ቢሂል*
*ዋላ ንዝቕድወኪ፣ ንዘይምቅዳው ኮይኑኪ ኣመል።*

*ድንቡልሽ ድንቡልሻ*
*ኣኸዛ ተቐቢሉ ዘትብዐ ማሕረሻ*
*ጻዕሪ ብርቱዕ ክራማት ዝሰግር ሓኔታ*
*ክመጸኪ ከሎ ከተካርምዮ*
*ኣይክሓስመክን'ዩ ካብ እዚ ዘለኽዮ*
*ዓይንኺ ኣይትሕሰዪ ሕራይካ በልዮ*
*ኢለ እንተመኸርኩ እንታይኪ ኣበስኩ*
*ስለምንባር ከምትነብሪ ምንባርኪ ፈለጥኩ።*

*ድንቡልሽ ድንቡልሻ*
*ናብራኺ ቂሚጦ፡ ሑጻ-ሑጻ ጥሻ*
*ክመጸኪ ከሎ ዘምርሓ፡ ተስታይን ራብዕን*
*ኣርዑትን ቁራበዓትን*
*ዝቐረነሉ ምራንን ከርፈስን ነዊትን*
*ክኾነልኪ ከሎ ዕርፍኺ ኣጽንዒ*
*ቅድሚ ዝኣገረ ብስግኣት ኣይትንብዒ።*

*ድንቡልሽ ድንቡልሻ*
*ኣዝመራ ተቐቢሉ ምነት ንዝረአ*
*ጢለኡ ኣጽኒዑ ኣለዳ ንዘጽብሐ*
*መስከረም መጺኣ ዓጉድ ትመልኣሉ*
*ብገልገለ-መስቀለ ፍረ ትህበሉ*
*ንጸማልያ ተተርንዕ*
*ሑቐኡ ተደልድለሉ።*

*ድንቡልሽ ድንቡልሻ*
*ንሰላሳን ኣርብዓን ዝተኸልክዮ መኣዲ*
*ብሽም ምኻድ ኬድኪ እንካብ ትዕነዲ*
*ምናትኪ ኣትሕዘዮም ከሳልፀኺ ናብ ዓዲ*
*ኣብ ዕንይንይ ካብ ትበልዒ ኣጥፈእኪ መገዲ።*

*ብሰንሰሎማይ መስከረም / 2017*